# ጠብታ ካብ'ቲ ታሪኽ...

( መወከሲ ካብ መጽሓፍ ንግስነት ምድረ ባሕሪ ( ኤርትራ ) ብኣቶ ይስሓቕ ዮሴፍ )
ኣቕራቢ መድሃኔ ተስፋኣለም ፡

## ታሪኽ ጠምዚዝካዮ ኣይጥምዘዝ ፡ ዓጺፍካዮ ኣይዕጸፍ ፡

~ ጽውጽዋይ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ናይ 3000 ዓመት ታሪኽ ብሓሶት እንክገማዳሕ ፡
~ ጥልመት ተጋሩ ካብ ወለዶ ንወለዶ እንክወራረስን ፡ ክፈኩስን ፡
~ ሓቅነትን ታሪኽ ኤርትራን ኤርትራውን እናሓደረ እንክጸርን ፡ ክትርንዕን ፡

ነዚ ታሪኽ ዘነጽር ፡ ዝነበረ ታሪኽን ጅግንነትን ናይ ንግስነት ምድሪባሕሪ ( ኤርትራ ) ዘመዝገቡ ናይ ስነ/ጽሑፍ ተመራመርቲ ኣብ ማህደሮም ዘስፈርዎ እስከ ገለ ክፋል ካብኡ ወስ ክነብልእሞ ፡ ሰናይ ንባብ ክኣ ንብለኩም ፡

ኣዘንታዊ ፡ ``ማጆር ሩፊል ፐርኒ`` ካብ 1653 ክሳብ 1759 እዞም ዝስዕቡ ደግያት ማለት ፡

1. ባሕሪ ነጋሲ ሰሎሞን ወዲ ደግያት ተስፋጽዮን ፡ ቦኽሪ ወዶም ንደግያት ገብረክርስቶስ ፡
2. ደግያት ማሞ ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ
3. ደግያት ርእሰሃይማኖት ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ
4. ራእሲ ዓንደሃይማኖት ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ፡

~ ደግያት ገብረክርስቶስ መን እዩም ? ንዝብል ሕቶ ታሪኽ ክነግረና እንክሎ ፡
ደግያት ገብረክርስቶስ ካብ 16 ክፍለዘመን ኣትሒዞም ፡ ንብምልኡ ሃገረ/ምድረባሕሪ ባምቦሎ ምላሽን ( ተከዘ ምላሽ ) ብውክልና ንሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ክሳብ ወሎ ዘመሓድሩ ዝነበሩ ኤርትራዊ ንጉስ እዮም ፡ ከም ኣብላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ድማ 4 ጅጋኑ ድግያት ውላድ ወረስቲ ዓራት ነበሩዎም ይብል ፡

1. ባሕሪ ነጋሲ ሰለሞን ንኹላ ምድረባሕሪ ዝገዝእ ዝነበረ ፡ ወዲ ደግያት ተስፋጽዮን ቦኽሪ ወዶም ንደግያት ገብረክርስቶስ እዮም ፡
2. ደግያት ማሞ ( ዘማት ሃገረ ጋላ ) ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ፡ ንጉስ ጐንደር ብደቡባዊ ክፋል ኢትዮጵያ ዝርከቡ ጋላ ኣይንእዘዘካን ኢሎም ምስ ኣዋረድዎ ፡ ደግያት ማሞ ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ፡ ኣዲኦም ( ሰበነ ጊዮርጊስ ካብ ንጉሳዊ ቤተሰብ ጎንደር ስለዝነበራን ) ደግያት ማሞ ንእንዳኣንኦም ክሕግዙ ፡ ናብ ንጉስ ጐንደር ንምሕጋዝ ከዱ'ሞ ፡ ሓገዝን ስንቅን ካብ ንጉስ ጐንደር ተወሲኹዎም ፡ ንኩሎም እቶም ኣይንእዘዝን ዝበሉ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዝርከቡ ጋላ ፡ ንህዝቢ ጋላ ብውግእ ገጢሞም ብምስዓር ሕራይ ንምእዘዝ ኣቢሎም ፡ ኣረሚን ዝነበሩ ኣብ ክርስትና ኣጠሚቖም ኣብቲ ሃገር ዝገዝኡ ዝነበሩ ጅግና ኤርትራዊ ደግያት እዮም ፡ ንጉስ ጐንደር ድማ ብዝትዓዘብዎን ዝርኣይዎን መንፍዓት ደግያት ማሞ ደጀዝማቲ ብዝብል ምዓርግን ነቲ ግዝኣት መሪቖም ሃብዎም ፡ ኮይኑግን ደግያት ማሞ ነቲ ዝገዝእዎ ዝነበሩ ምድረጋላ ገዲፎም ንዓደብኦም ከመሓድሩ ንምድሪ ባሕሪ ( ኤርትራ ) ተመልሶም ብዙሕ ጅግንነት ይፍጽሙ ነበሩ ፡

~ ስለዚ ደግያት ማሞ ቅጽል ስሞም ( ዘማት ሃገረ ጋላ ) ተባሂሎም ይጸውዑ'ዮም ፡

1. ዓሰርተው ክልተ ዓመታት ኣብ ሃገረ ህዝቢ ፡ ጋላ ፡
2. ትሽዓተ ዓመት ባምብሎ ( ተከዘ ) ምላሽ ፡
3. ሸውዓተ ዓመት ዋልቃይት ወሲኾም ፡ ኩሉ'ኹሉ ን28 ዓመታት ዝገዝኡ ኤርትራዊ ጅግና እዮም ፡

~ ብድሕሪ ሞት ደግያት ማሞ ፡ ሕጋዊ ወራስ ዓራት ባሕሪ ነጋሲ ሰለሞን እኳ እንተነበሩ ብዕድመ ንእሽቶ ስለዝነበሩ ፡ ክሳብ ክንዲ ሰብ ዝኣኽሉ ፡ ሓወብኦም ራእሲ ዓንደሃይማኖት ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ብውክልና ቆጸሊ ወዲቑዎም ከምሓድሩ ተሾሙ ፡

~ ብድሕሪ'ዚ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ከም ምኳኖም መጠን ፡

ሀ. ብኣብኦም ወዲ ገብረክርስቶስ ወዲ ሃብተስሉስ ፡ ወሎዶኛ እናዳራእሲ ብሙኳኖም ፡

ለ. ብኣዲኦም ወዲ ሰበነ ጊዮርጊስ ጓል ጻድቁ ኢያሱ ንጉሳዊ ቤተሰብ ጎንደር ብምንባሮም ፡

ሐ. ሓዊ'ቲ ፍሉጥ ጅግና ደጀዝማቲ ማሞ ብምንባሮም ፡

ዝያዳ ተፈላጥነትን ዝናን ክረኽቡ ክኢሎምን ፡ ንኹሉ ምድረባሕርን ስግር ተከዘን ``ባምቦሎ ምላሽ `` ከምሓድሩ'ውን ክኣሉ ፡

~ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ከምዝፍለጥ ኣብ 1700 ዓ.ም ንሃገር ወሎ ማለት ንሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ኣብ ክልተ ከፊሎም ፡

ሀ. ሓደ ክፋል ንደጀዝማቲ ዓሊ እተባህሉ ፡

ለ. ካልኣይ ክፋል ድማ ንደጀዝማቲ ኢማም እተባህሉ ደቀ'ቲ ሃገረ ወሎ ብምሃብ ኣብትሕቲኦም ኮይኖም ከምሓድሩ ሸሙዎም ፡

~ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ፡ ግዝኣቶም ኣደልዲሎም ንምምሕዳር ምእንቲ ክጥዕሞም ፡ ምስ ምሉእ ሰራዊቶም ኣብ ትግራይ ተቐሚጦም ከለዉ ፡ ነታ ቅድም ኣብሓጎኦም ደግያት ሃብተስሉስ `` ነዛ ቦታ እዚኣስ ከተማ እንተትሃንጻ ክንደይ ምጸበቐ `` ኢሎም ብትንቢትን ምንዮትን ኣመና ዝበሃግዋ ፡

`` ዱር ቈጥቈጦም ፡ መሬት ጣሕሲሶም ፡ ኣራዊት ሰጒጎም ፡ ከተማ ሃነጽዋ `` ፡
እታ ከተማ ድማ ዓድዋ ተባሂላ ትጽዋዕ ፡ ራእስ ዓንደሃይማኖት ርእሰ ከተምኦም ንዓድዋ ብምድኳን ሃነጽዋን ኣማዕበልዋን ፡ እዛ ናይ ሎሚ ዓድዋ ኣብ ትግራይ ትርከብ ማለትና እዩ ፡

1. ቤ/ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ኣህነጹላን ባረኹላን ፡
2. ዕዳጋ ወሲኖምን መሪጾምን መደቡላ ፡
3. ቤተመንግስቲ ዝኾኖም ቅያ ዝኾነ ኣደራሽ ሃነጹላ ፡
4. ኣብኣ ኮይኖም ፍትሕን ርትዕን እናሃቡ ፡ ጸላእቶም እናኣርዓዱ ተቐመጡ ፡

~ በዚ እዋናት እዚ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ሓደ ኣዝዮም ዝኣምንዎ መንእሰይ ሚካኤል ስሑል `` ወዲ ስሑል `` ዝተባህለ ከም ኣገልጋሊኦምን ዓቀይታኦምን ኮይኑ ይእዘዞም ነበረ ፡ ብኣገልግሎቱን ተወፋይነቱ ስለዝተሓጎሱ ድማ `` ብላታ ምካኤል ስሑል `` ኢሎም ሹመት ብምሃብ ኣኽበርዎ ፡ ብላታ ማለት ! ኣማኻሪ ማለት እዩ ፡ ስለዚ

ብላታ ምካኤል ስሑል ኣማኻሪ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ብሙኧን ብዙሕ ህቡብነትን ተፈላጥነትን ክረክብ ክኢሉ ፡ ብሓይልን ጉልበትን እውን ተርንዐ ፡

ራእሲ ዓንደሃይማኖት ነቲ ` ` ተከዘ ምላሽ ` ` ውክልና ንብላታ ምክኤል ስሑል ገዲፎም ካብ ዓድዋ ንጸዓአዘጋ ፡ ካብ ጸዓዘጋ ንዓድዋ ከም ኣድላይነቱ እናተመላለሱ ይገዝኡን የመሓድሩን ነበሩ ፡ ብድሕሪ'ዚ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ፡ ንብላታ ምኪኤል ስሑል ፡ ኣብ ዓድዋ ሹም ነጋሪት ብምባል ሹመቱ ኣደልዲሎም ንመሬቶም ማለት ንምድሪባሕሪ ተመልሱ ፡ ብላታ ምኪኤል ስሑል ክኣ ብውክልና ንትግራይን ከባቢኣን ከመሓድር በዚ ተሰማምዑ ፡

~ እዚ ታሪኽ ካብ 1729 ክሳዕ 1759 ኣቢሉ ብግዜ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ወዲ ደግያት ገብረክርስቶስ ` ` ዘመነ ሰላም ዘመነ ፍትሒ ` ` ፡ ` `ዘመነ ጸጋ ዘመነ ርትዒ ተባሂሉ ይፍለጥ` ` ፡

~ ብላታ ምኪኤል ስሑል ግን ደቂዓዱ ተጋሩ ኣኻኺቡ ተጋሩ ዝዕብልሉዎ ሰራዊት ሃኒጹ ንመሬት ኣይትጹርኒ በላ ፡ ሓይሊ ደሪቡ ዝኣተዎ እምነት ጠሊሙ ፡ ከምሕሱም ነብሐ ፡ ኣይእዘዝ ኣይግብር ኢሉ ምስ ራእሲ ዓንደሃይማኖት ተፋጠጠ ፡ ብኢደ ወነኑ ` ` ርእሰ ሹማት ትገራይ ` ` ኢሉ ብምጽዋዕ ብዘይ ቆጽልን ምርቓን ስልጣን ሓዘ ፡ ንኹሉ ምድረባሕሪ ወረረን ዘመተን ኣህዛብ ኣህለቐን ፡ ፍትሒ ዘይፈልጥ ጨካን ራኢሲ ምኬል ስሑል ወዲ ተምቤን ፡ ሰብን ዓድታትን ኣህለቐን ኣንደደን ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዓመጸ ፡ ጥሪት ዘመተ ፡ ብጭካኔኡ ኣብኩሉ ከባቢ ተፈልጠ ፡ ኣብ መጨረሽታ ኣታሊሉን ኣዘንጊዑን ንራእሲ ዓንደሚካኤል ማሪኹ ኣብቅድሚኡ ኣምጺኡ ፡ ብጭካነን ብድዐን ንራእሲ ዓንደሚካኤል መኳንንቱን ረሸኖም ፡ ብላታ ምኪኤል ስሑል ፡ ነዚ ብቓጽያን ዝንግዲትን ዝረኸቦ ዓወት ከም ጅግንነት ቆጺሩ ንራእሲ ዓንደሃይማኖት ነቲ ኣማኒኡ ስለዝረሸነ ፡ ራእሲ ዝቐተለ ፡ ራእሲ እዩ ኢሉ ብገዛእ ርእሱ ፡ ራኢሲ ምክኤል ስሑል ንጉስ ትግራይ ተሾመ ፡ ነዚ ክሕደት ብላታ ምክኤል ስሑል ዝሰምዐ ሓደ ኣዝማሪ ከምዚ ክብል ኣዝሚሩ ይበሃል ፡

` ` ደርመን ከምዓልካ ደርመን
ከዳዕ እያ ጠላም እዛ ዘመን
ሓወይ ኢልካ ሰብ ኣይትእመን
ድሙኻ'ኳ ተምጽኣልካ ተመን ` `

~ ክፍኣትን ተንኮልን ናይ ምካኤል ስሑል እዚ ጥራይ ኣይነበረን ፡ ከምቲ ጸብጻብ ጀይምስ ብሩስ ዘረጋግጾ እንተኾይኑ ፡ ነገስታት ባሕሪ ነጋሲ ፡ ሓይሊ ደሊቦም ነኺይወግእዎ ፡ ነቲ ሓደ ምሳኻ ኣለኹ ፡ ነቲ ሓደ እንዳ ደግያት እገለ ኣብልዕሌኻ ክፉእ ይሓስቡ ስለዘለዉ ሓቢርና ንውግኣዮ እናበሉ ፡ ብተንኮል ዝተሓወሶ ስልቲ ፡ ንነገስታት ባሕሪ ነጋሲ ኣዳኺሙ ፡ ህዝቢ ከምዝሰደደ ፡ ዓድታት ከምዝነደደ ፡ ጥሪት ከምዝሕረደ ፡ ጭካኔ ብላታ ምክኤኢል ስሑል ፡ ኣብ መጽሓፊ ታሪኽ ናይ ጀይምስ ብሩስ ተገሊጹ ኣሎ ፡

ስለዚ እዚ ናይ ቅድሚ 300 ዓመት ኣቢሉ ጥልመት ተምቤነታይ ብላታ ምኪኤል ስሑል ፡ ሎሚ'ውን ብደቂደቆም መራሕቲ ወያነ ፤ ነቲ ሂወት ሂቡ ሂወት ዝሰኹዓሎም ኤርትራዊ ፡
` ዝሓለፈሉ ትንፋስ ሰብ ኣሕለፈ ` ከምዝበልዎ ጥልመት ተጋሩ ፡ንኤርትራዊ ሓዲሽ ከምዘይኮነ ዝምህረናን ዘዘኻኽረናን ታሪኽ ንባዕሉ ይድገም ምህላዉ እቲ ካልእ ተርእዮ እዩ ፡

*~ ጉዳይ ናይ ዓድዋ እንተኾነ ፡ ዓድዋ ሰሪቶም ዝደኮኑ ኣብሓጎታትና እዮም ፡ ጅግንነት ዓድዋ እንተኾነ'ውን ጅግንነት ኣብ ዓድዋ ዝፈጸሙ ብኣብሓጎታትና ኮይኖም `` ኣጸይምነልክ ኣብ ኩናት ናይ ዓድዋ ዝመስከሮ ሓቂ እንተኾይኑ ፡ ከሺ ኣማራ ኣንድ ኣበራ ` ኢሉዎ እዩ ፡*

*~ እቲ ናይ 3000 ዝውጽዋይ ክኣሞ ፡ ንእዝኒ ዘደንቁርን ፡ እናሓደረ ካባ ሕፍረት ዝኸድኖም ምህዞ ደናቝር ስለዝኾነ ፡ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸምን ዝምዝገብን ዘሎ ታሪኽ ንቕርጽን ምስልን ቀርኒ ኣፍሪቃ ከይቀየራ ኣይተርፍን'ዩ ይብሉ ናይ ዓለምና ታሪኽ ፈሊጣን ፡*

*<u>ንዝያዳ መወከሲ ፡ ነዚ ዛንታ ዝጽሓፈ ኣቶ ይስሓቕ ዮሴፍ ኮይኖም ፡ ገለ ካብኦም ንምጥቃስ</u>*

*~ ከምኒ ፕሮፌሶር ዮውሃንስ ኮልመዲን*
*~ ሓለቓ ሽሕ ሩፊሎ ፐሪኒ*
*~ ጁሰፐ ፑልሲ*
*~ ፈርዲናንዶ ማርቲኒ*
*~ ብሃጋይ ኤርሊክ*
*~ ዛንታ ኤርትራ ብፊተውራሪ ምኪኤል ሓሳማ ራካ ፡*
*~ ደቀባት ህዝቢ ኤርትራ ፡ ብኣልቤርቶ ፖሌራ ፡ ትርጉም ብኣባ ይስሓቕ ገብራኢየሱስ*
*~ ካልኦት ተመራመርቲ ታሪኽ ፡ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ከምኡውን ዓዲዓዲ እናኸዱ ካብ ሰብ ኣፈታሪኽ መወከሲ ብምእካብ ፡ ነዚ ድርሰት ካብ 1957 ክሳብ 1959 ንክሕተም'ኳ እኳታአዳለውዎ ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ መንግስቲ ፈደሬሽን ኤርትራ ወዲቑ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተቐይሩን ትግርኛን ዓረብን ብኣምሓርኛ ተተኪኡ ፡ ንናይ 3000 ዓመት ጽውጽዋይ መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ንኸይብለል ፡ ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዛ መጽሓፍ ብፍላጥ ኮነ ኢሎም ንከይትሕተም ኣጊዶማ ፡*

*~ ብድሕሪ'ኡ ኣብ 1975 ዓ.ም ብተፍትሽ ደርጎኛ ፡ ንኣቶ ኢሳቕ የሴፍን እዚ ድርሰቱን ብሓንሳብ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስዳጎንዎም ፡ እቲ ጽሑፍ ኣብ ቤትማእሰርቲ ተመናኒሁ ጠፊኡ ነበረ ፡*

*~ ከምብሓድሽ ተረፍመረፍ ዝረኸቦን ተዘክሮታትን ኣብ ምጥርናፉ ደራሲ ማለትዩ ፡ ኣብ 1987 እንደገና ምስጽሑፉ ኣብ ማርያም ግቢ ተሓይሩን ጽሑፋቱ ተባታቲኑን ፡ ዕድል ኮይኑ ግን ቅዳሕ ኣብገዝኡ ብምርካብ ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 2000 ድሕሪ ወራር ወያነ ኒዚ ሕትመት ንግስነት ሃገረ ምድሪ ባሕሪ ( ኤርትራ ) ናብ ኣምበብቲ ከቕርብ ክኢለ ይብለና ደራሲ ፡*

*ዓወት ንሓፋሽ !*